# ንተኻረይቲ 33 Alfred Street, North Melbourne ዝኸውን ልሙድ ሕቶታትን መልሱን

20 መስከረም 2024

Tigrinya | ትግርኛ

## ሎሚ እንታይ መግለጺ እዩ ተዋሂቡ?

መንግስቲ ቪክቶርያ እቲ ዝቕጽል ቦታታት ከም ክፋሊ እቲ ናይ ሆምስ ቪክቶርያ ዓብዪ ህንጻት ኣባይቲ (Big Housing Build) ኹይኑ ዳግም ኽም ዝህነጽ ኣፍሊጡ ኣሎ። እተን ቦታታት እዘን ዝስዕባ እየን፡-

- **139 Highett Street, Richmond**
- **259 Malvern Road, South Yarra**
- **6 & 8 Anderson Court, Richmond**
- **1–5, 7 & 9 Williams Court, Richmond**
- **111, 119 & 127 Elizabeth Street, Richmond።**

## እዚ መግለጺ እዚ ንዓይ እንታይ ትርጉም ኣለዎ?

ኣብቲ ኣብ **33 Alfred Street, North Melbourne** ዝርከብ ህንጻ ብ2031 ዳግም ንኽህነጽ ዝወጸ መደብ ዝተገብረ ለውጢ የለን።

ዘድልየኩም ነገራት እተማልእ ሓዳስ ቤት ንምርካብን ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዝን በጃኹም ምስታ ናብ ካልእ ቦታ እተግዕዝ ጉጅለኹም ምስራሕ ቀጽሉ።

ካብ ፍለሚንግተንን ኖርዝ ሜልበርን ናብ ካልእ ቦታ ዝግበር ምግዓዝ ኣብ **መስከረም 2025** ክዛዘም እዩ።

## እቲ ኣብ ኖርዝ ሜልበርን ዝርከብ ሓድሽ ኣባይቲ እንታይ ይመስል?

ንድፊ እቲ ሓድሽ ኣባይቲ ኣይተዛዘመን የግዳስ ዘመናውን ዘተኣማምንን ማሕበራዊ ኣባይቲ ዘጠቓልል እዩ ክኸውን።

ብዛዕባ እቲ ንድፊ ሓሳብ ክትህቡ ኣጋጣሚ ኽትረኽቡ ኢኹም።

## ናይ ማሕበረሰብ ጊዜያዊ ናይ ሓበሬታ (ፖፕ ኣፕ) ፍጻመታት

ዝኾነ ይኹን ዘለኩም ሕቶታት ንምምላስ ካብ ሆምስ ቪክቶርያን ናይቲ ኸባቢ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲን ዝመጹ ሰራሕተኛታት ኣብ መረባ (foyer) እቲ ኣብ **33 Alfred Street** ክህልዉ እዮም።

ኣብተን ዝስዕባ ጊዜያት ክርከቡ እዮም፡-

- ዓርቢ 20 መስከረም፣ ካብ ንጉሆ ሰዓት 10 – ሰዓት 4 ድሕሪ ቀትሪ
- ቀዳም 21 መስከረም፣ ሰዓት 9 ናይ ንግሆ - ሰዓት 12 ቀትሪ።

# ዝያዳ ሓበሬታ ብኸመይ ኽረክብ ይኽእል?

ብዛዕባ ዓብዪ ህንጻት ኣባይቲ (Big Housing Build)፣ ብዛዕባ መስርሕ ምግዓዝ ከምኡውን ብዛዕባ ከይዲን መደባትን ዳግመ ህንጻት እቲ ነዋሕቲ ህንጻታት ዝያዳ ሓበሬታ ኸም ዝስዕብ ኽትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፦

- ኣብቲ ናይ ማሕበረሰብ ጊዜያዊ ናይ ሓበሬታ (ፖፕ ኣፕ) ፍጻመታት ተኻፈሉ
- **ምስ እታ ካብ ቦታ ናብ ቦታ እተግዕዝ ጉጅለ ሰሉስን ሓሙስን ሰዓት 10 ናይ ንጉሆ ክሳዕ ሰዓት 4 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ 33 Alfred Street, North Melbourne ተዘራረቡ**
- ምስ ናይ ከባቢኹም ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ተራኸቡ
- ብ1800 716 866 ናብቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ (ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ካብ ሰዓት 9 ናይ ንጉሆ - 5 ድሕሪ ቀትሪ) ደውሉ። እንተድልዩ ኣስትርጎምቲ ኽርከቡ ይኽእሉ እዮም
- ባብቲ ኣብ bighousingbuild.homes.vic.gov.au ዝርከብ ሓድሽ ወብ ሳይትና ብጽሑ፣ ኣብኡ ኸኣ ነታ ናብ ካልእ ቦታ እተግዕዝ ጉጅለና ኽትሓቱዋ ትኽእሉ ኢኹም
- ኢሜይል enquiries@homes.vic.gov.au።